ኮሚሽነር ናይ ፈደራላ(ዊት) ረፑብሊክ ጀርመን
ንፍልሰትን ስደተኛታትን
ውህደትን

# ብዛዕባ ኮሮናቫይረስ እንታይ ክትፈልጡ የድልየኩም

## ናይ ባህሪ ምኽርታት፡ ሕጊ ዕዮ ከምኡ ድማ ስርዓታት ጒዕዞ ኣብ ቆላሕታ

ኣብዚ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይቲ ፈደራላዊ መንግስቲ CORONA ናይ መጠንቀቕታ ኣፕ ብመበቆላዊ ቋንቋኹም ኣሎ፡፡

www.integrationsbeauftragte.de/corona-warn-app

ኣገዳሲ፥
ብሓደ ክታበት ኮሮና ንነብስኹም ከምኡ'ውን ንካልኦት ትኸላኸሉ ኢኹም!

www.integrationsbeauftragte.de/corona-virus

## ጥዕና

### ንገዛእ ርእሰይን ካልኦትን ብኸመይ ክከላኸል ይኽእል፧

ዝኾነ ሰብ ነቲ ኮሮናቫይረስ ኣብ ምቅላስ ክሕግዝ ይኽእል፡፡ ምስ ካልኦት ሰባት ዘለኩም ርክብ ብዝተኻእለ መጠን ትሑት ይኹን ከምኡ ድማ ንገዛእ ርእሱኹም ምስ ዘይቅየሩ ጒጅለ ሰባት ሕጸርዋ፡፡ እዚ ነቲ ለበዳ ንምውጋድ ዝኽእል እንኮ መንገዲ እዩ፡፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ መዘኻኸሪ፡

1.5 ሜትሮ

- ኣእዳውኩም ተሓጸቡ (እንተው ሓደ ን20 ካልኢታት)
- እንተውሓደ ናይ 1.5 ሜትሮ ርሕቀት ካብ ካልእ ሰባት ሓልዉ፡፡
- ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ግበሩ፡፡
- ናብ ውሽጢ ኲርናዕ ኢድ ወይ ናብ መንዲል ሰዓሉ ወይ ሃንጥሱ፡፡
- ዕጹዋት ክፍልታት እኹል ምንፋስ የድልዮም፡፡

### ኣንጻር ኮሮናቫይረስ ስለምንታይ ክኽተብ ይግብኣኒ፧

- ንነብስኹም፣ ነዝማድኩም ከምኡ'ውን ንኩሎም ቀረብትኹም ትከላኸሉ፡፡
- ምኽታብ ወለንታዊን ነጻን እዩ፡፡ ብስልኪ 116 117 መዓስ ክትኽተቡ ከምትኽእሉ ክትፈልጡ ኢኹም፡፡ እዚ ተሌፎን ሆትላይን ብብዙሕ ቋንቋታት ተቐሪቡ፡፡
- እቶም ባእታታት ክታበት ውሑሳት እዮም፡፡ ኣብ ተጻዋርነት፣ ውሕስነት ከምኡ'ውን ሓይሊ ብጽኑዕ ተመርሚርኩም ኔርኩም፡፡

### እንተድኣ ተለኺፈ ኣለኹ ኢለ ዝሓስብ ኮይነ እንታይ ይገብር፧

እቲ ኮሮናቫይረስ ከምዘለዎ ብመርመራ ምስ ዝተረጋገጸ ሰብ ርክብ ነይርኩም ድዩ፧ እምብኣር ንናይ ከባቢኹም ክፍሊ ጥዕና ብሉ ንብሉ ብተሌፎን ርኸብዎም! ዋላ'ውን ምልክታት ናይ ሕማም ዘየለዉ ይኹኑ፡፡ ብቑጽሪ 116 117ኣበይ ክትምርመሩ ከምትኽእሉ ክትፈልጡ ትኽእሉ፡፡ ክሳብ ውጺኢት ዝመጽእ፡ ኣብ ገዛ ጽንሑ!

# ህዝባዊ ህይወት

**ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ግብራዊ ዝኸውን እንታይ እዩ፧**

እንተውሓደ ናይ 1.5 ሜትሮ ርሕቀት ሓልዉ። ኣብ ዝስዕቡ ቦታታት ሕክም ናዊ ማስክ ክትኽደኑ ኣለኩም፡ ኣብ ህዝባዊ መጐዓዝያ፣ ኣብ ምግዛእ፣ ኣብ ህዝባዊ ትራፊክ ዘለዎም ቦታታት ከም ኡ'ውን ኣብ ብዙሕ ሰብ ዘለዎም ናይ ደገ ቦታታት። እንተላይ ኣብ ቦታ ስራሕ ኣድላዪ እዩ፣ 1.5 ሜትሮ ርሕቐት ብውሑስ ክት ኽተሉ ዘይትኽእሉ እንተኾይንኩም።

**ኣስተውዕሉ፣ ኣብ መጻኢ ምጥሓስ ናይ ማስክ ግዴታ ብውሑዱ ክሳብ 50 ዩሮ ከቐጽዕ ይኽእል።**

**ኣየኖት ትካላት ተኸፊቶም፧**

- ናይ መግቢ ድኳውንቲ፣ ሰሙናውያን ዕዳጋታት ከምኡ'ውን ህዉኽን መዓል ታዊ ኣድላይነት ዘለዎም ካልኦት ድኳ ውንትን እንዳ ቀምቀማይን።
- ብሕክምና ዘድልዩ ኣገልግሎታት፣ ንኣብነት ፍወሳ ኣካላት፣ ክፍጸሙ ይፍቐድ።
- ኣብ ቀጻሌታትን ሃይማኖታውያን ፍጻሜታትን ናይ ጽሬትን ርሕቀትን ሕጋጋት ክኽተሉ ኣለዎም።
- ብኩነታት ሃገር-ከተት ዝከኣል እንተኾ ይኑ እቶም ክፍለሃገራት ካብ 8 መጋቢት ንድኳውንቲ፣ ቤተ-መዘከር ከምኡ' ውን ቤት-ገርድን ክኸፍቱ ይኽእሉ፣ ካብ 22 መጋቢት እንተላይ ኣብ ግዳም ዘለው ትካላት ስነ-መግቢ።

**ኣብ ግላዊ ምርኽኻብ እንታይ ብቑዕ እዩ፧**

ብኩነታት ሃገር-ከተት ኣብቲ ቦታ ዝከኣል እንተኾይኑ ካብ ክልተ ገዛታት ክሳብ ሓሙሽተ ሰባት ጥራይ ክራኸቡ ይክእሉ (ክሳብ 14 ዘዕደሙ ቆልዑት ኣይቑጸሩን)።

ኣብቶም ክፍለ-ሃገራት ዋላ ካብሉ ዝዝን ብሉ ሕጋጋት ከከም ኩነታት ሃገር-ከተት ክሰርሑ ይኽእሉ። ብዙሓት ሓድሽቲ ልበ ዳታት እንተለው፣ ክፍለ-ሃገራት ነቶም ናይ ርክብ ኣማራጺታት ቀጺሎም ክድርቱ ይኽእሉ። እቶም ሓድሽቲ ልበዳታት ካብ ቀድም ዝነኣሱ እንተኾይኖም፣ ተወሰ ኽቲ ናይ ምኽፋት ስጕምታት ይከኣሉ። ሓበሬታ ብዛዕባዚ ኣብ መርበባት ኢን ተርነት ናይ ፈደራላውያን ክፍለ-ሃገራት ይርከብ።

# ስራሕን ገንዘብን

**ኣስራሕየይ ብምኽንያት ኮሮና ንግዚኡ እንተዓጽዩ እንታይ የጋጥም፧**

ብመትከል፡ ንሳቶም ገና ክኸፍልኹም መሰል እዩ፡ ዋላ'ውን ክሰርሑ ዘይክእሉ እንተኾኑ።

**እንተድኣ ስራሕ-ኣልቦ ኮይነ እንታይ ይገብር፧**

እንተድኣ ስራሕ-ኣልቦ ኮይንኩም፡ ናብ ናይ ስራሕ ማእከልኩም ወይ ናይ ስራሕ ወኪል ትካልኩም ክትሕብሩ ኣለኩም። ናይ ስራሕ ማእከላትን ወኪላት ዕዮታትን ምስራሕ ክቕጽሉ እዮም፡ እንተኾነ ግን ኣብ ህጹጽ ጉዳያትን ብቖጸራን ጥራይ ኣጋይሽ ይቕበሉ። ከም ስራሕ-ኣልቦ ብመገዲ ተሌፎን፡ ደብዳበ ወይ ኦን ላይን/ብመስመር ኢንተርነት ክትምዝገቡን ንኹሎም መመልከቲ ትኩም ከኣ ኣብ ኦንላይን/መስመር ኢንተርነት ክተቕርብዎምን ትኽእሉ። ኣገዳሲ መዘኻኸሪ፡ እቶም ሕግታት ናይ ሓለዋ ኣንጻር ምብራር ኣብ እዋን'ቲ ኮሮና እውን ግብራውያን እዮም። ብዝ ተረፈ ምርካብ መሰረታዊ ውሕስነት (ንክትነብር ዝኸፈል መሰ ረታዊ ገንዘብ) ንደለይቲ ስራሕ እናቐለለ መጺኡ፣ ንኣ. ብዘይ ክቡር ምቍጽጻር ጥሪትኩም።

**ኣስራሕየይ ናይ ሓጺር-ግዜ ስራሕ እንተፍቂዱ እንታይ የጋጥም፧**

ኣስራሒኹም ናይ ሓጺር ሰዓት ስራሕ እንተድኣ ኣዚዙ፡ ክሳብ 24 ኣዋርሕ ዝበጽሕ ናይ ሓጺር ሰዓት ስራሕ ኣበል ክትቅበሉ ትኽእሉ። ክሳብ ናይ 87% ናይቲ ትረኽብዎ ዝነበርኩም ኣታዊ ምስኣን ክበጽሕ ይኽእል። እቲ ብቑዕ ወኪል ስራሕ ክሎም እቶም ቅድመ ኩነት ንክፍሊት ናይ ሓጺር-ግዜ ናይ ስራሕ ኣበላት ተማሊኦም ኣለዉ ድዮም ኣይተማልኡን ነፍስ ወከፍ ጉዳይ ብምርኣይ የረጋግጽ።

**ንኩባንያይ እንታይ ሓገዝ ክረክብ ይኽእል፧**

Kreditanstalt für Wiederaufbau (KfW) ዝተፈላለዩ ሕሱራት ዋኒን-ትካላዊ ልቓሓት ይህብ። ብኽብረትኩም ናይ KfW ልቓሓት ክምድበልኩም ንዝኽእል ናይ ገዛ ባንክ ወይ ናይ ኣከፋፍላ ገንዘብ መሻርኽቲ ርኸቡ። መጠን ናይ ስልጠና ኣንፈታት ምስናይ ሓድሽ ናይ ስልጠና ኣንፈት ዘውሕሳ ወይ ዘዕብያ ንኣሽቱን ማእከሎትን ትካላት ገንዘባዊ ሐገዝ ይረኽባ።

**ናይ ገዛእ ርእሶም ስራሕ ዘለዎም (ተቖጺሮም ዘይሰርሑ) ከምኡ ድማ ንኡስ መራሕቲ ዋኒን እንታይ ይረኽቡ፧**

ምቹእ ናይ ልቓሕ ቅድመ ኩነት ዘለዎ ፍሉይ ናይ KfW ፕሮግ ራም፡ ድጎማታት ንወጻኢታት ስራሕ፡ ውሕስነታት ምስቲ ተሳ ታፍነት ናይቲ ፈደራላዊ መንግስቲ፡ ስጕምትታት ሓገዝ ግብሪ ወይ ናይ ደገፍ ጥማር ሓገዝ ንጀመርቲ ትካላት ኣሎ። ተወሳኺ ደገፍ ኣሎ ንምስ ኮሮና ዝተኣሳሰረ ክሳራ ናይ መሸጣታት ብግሊ ንዝምወላ ባህላዊ ትካላት ንመኽሰብ ንዘይሰርሓ ውድባትን፡ ንኣብነት ንናይ መንእሰያት ሆስተላት፡ ድኳናት ማሕበራዊ ክፍሊ ወይ ሓቐፍቲ ዋኒናት።

### ንተምሃሮ እንታይ ደገፍ ኣሎ፧

ኣብ ከቢድ ገንዘባዊ ጸገም ዘለዉ ተምሃሮ ካብቲ Studierendenwerk ህያብ ንምርካብ ከመልከቱ ይኽእሉ። ንሱ ክሳብ 500 ዩሮ ንወርሒ ክውሃብ ይኽእል። እቲ ልቓሕ ተምሃራይ KfW እውን ኣሎ፡ ዋላ’ውን ንወጻእተኛታት ተምሃሮ።

### ናይ ቆልዓ ኣበል ንምርካብ ከመልከት ይኽእል’ዶ፧

ደሞዝኩም ንምሉእ ስድራኹም እንተዘይኣክል፣ ተወሳኺ ክፍሊት ቆልዑት ይከኣል እዩ። 2021 ብተወሳኺ 10 መዓልትታት ገንዘብ ሕማም ቆልዑት በብሓደ ወለዲ ክትወሃቡ ትኽእሉ (20 መዓልትታት እንድሕር በይንኹም ተዕብዩ ዘለኹም)። እዚውን ንደቅኹም ኣብ ገዛ ክትኣልይዎም እንተዘለኩም ብቑዕ እዩ፣ እቲ ቤት-ትምህርቲ ወይ መዋእለ-ሕጻናት ብሰንኪ'ቲ ሃገር-ከተት ዕጹው ስለዝኾነ።

# ንመገሻታት እንታይ ብቑዕ እዩ፧

ኣድለይቲ ዘይኮኑ ናይ ግልን ናይ ቱሪስትን ጉዕዞታት ቀጺሎም ክውገዱ ኣለዎም። ቀረባት ምሕዳር ኣብ ጀርመን፣ ንኣ. ኣብ ሆተላት፣ ካብ ሕጂ ጥራይ ነድለይቲ ጥቕምታት ፍቑድ እዩ - ግና ንቱሪዝም ዘይኮነ። ብኽብረትኩም ቅድሚ ጉዕዞኹም ናብ ወጻኢ ብዛዕባ ህሉው ናይ ምእታው ደረታትን ናይ ዶብ ቁጽጽርን ኣብ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ከምኡ ድማ ኣብ ፈደራላዊ ኒስትሪ ኣረጋግጹ።

**ኣብ ዝምለሰሉ እዋን እንታይ ኣብ ግምት ምእታው የድልየኒ፧**
ንነፍሲ ወከፍ ካብ ሓደጋ ወይ ሪስክ ዘለዎ ቦታ ናብ ጀርመን ዝኣቱ፡ ቅድሚ መእተዊ ወይ ብድሕሪኡ ቀልጢፍኩም ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ክትምርመሩ ኣለኩም ከምኡ'ውን ኣብ ገዛ ክትተርፉ ኣለኩም! ጋሻ ኣይትቐበሉ ከምኡ'ውን ቀልጢፍኩም ንዘባዊ ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ሓብሩ ኢኹም! ምስ ኣተኹም መርመራ ኮሮና ቅድሚ ምግባርኩም ብውሕዱ 5 መዓልትታት ክትጽበዩ ኣለኩም፣ ብድሓር እቲ ኳራንተይን/ውሸባ ኣቐዲምኩም ንከተቋርጽዎ ውጽኢት መርመራ ኣሉታዊ እንተኾይኑ፣ ተዘይኮነ ድሕሪ 10 መዓልትታት ከተቋርጽዎ ትኽእሉ። ናብ 116 117 ብምድዋል ኣበይ ክትምርመሩ ከምትኽእሉ ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ኣስተውዕሉ፥ ዝኾነ ጥሕሰት ኣንጻር ግዴታ ኳራንተ ይን፣ መቕጻዕቲ ገንዘብ ከስዕብ ይኽእል።**

ካብ ልዕል መጠን ልበዳታት ወይ ካብ ካልእ ዓይነታት ቫይረስ ዘለዎም ቦታታት ታኣትዉ እንተኾይንኩም፣ ትርር ዝበሉ ሕጋጋት ኣለው ከምኡ'ውን ድሮ ቅድሚ ምእታውኩም ክትምርመሩ ኣለኩም።

ኣየናይ ሃገር ካብቶም ናይ ርከሳ፣ ልዕለ መጠን ወይ ፍሉይ ዓይነት ቫይረስ ዘለዎም ቦታታት እንተኾይኑ ኣብዚ ክትረኽቡ ኢኹም https://www.rki.de/DE/Content/InfAZ/N/Neuartiges_Coronavirus/Risikogebiete_neu.html

### እቲ መንግስቲ እንታይ ይገብር ኣሎ፧

እቲ ፈደራላዊ መንግስትን እተን ፈደራላዊ ክፍላተሃገርን ነቶም ቁጠባውን ማሕበራውን ሳዕቤናት ናይቲ ለበዳ ኮሮና ንምፍኳስ ልዕሊ € 1 ትሪልዮን ሓገዝ ይህቡ ኣለዉ። ነቶም ኣብ ታሕሳስ 2020 ክዓጽዉ ዘለዎም ትካላትን ኩባንያታትን ሓደ ተወሳኺ መደብ ሓገዝ ተቐሪቡሎም።

### ብዛዕባ እዞም ኣርእስታት እዚኦም ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣተኣማማኒ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል፧

ኢንተርነት ቤላቤለዋትን ናይ ሓሶት ዜናን መሊኡ ኣሎ ብመገዲ ናይ ዕላል ጉጅለታት ከኣ ብቕልጡፍ ይዝርግሑ ኣለዉ። ህሉው ሓበሬታ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣተኣማመንቲ ዝኾኑ ኣብዚ ዝስዕብ ክርከቡ ይኽእሉ፧
www.integrationsbeauftragte.de/corona-virus ከምኡ ድማ www.eu-gleichbehandlungsstelle.de/corona-virus.

www.integrationsbeauftragte.de/corona-virus

www.eu-gleichbehandlungsstelle.de/corona-virus

**ኣዳላዊ፧**
ባዓል መዚ ናይ ፈደራላዊት መንግስቲ
ንስደትን ስደተኛታትን
ውህደትን

**ዕለት፧**
08.03.2021